# መተሓሳሰቢ ንኩሉ ኤርትራዊ። 02.06.2007

ክቡራት ዜጋታት።
ብፍላይ ኣብዚ ግዚያት እዚ፤ ኣብ ናይ ባሕሪ-መዲተራንያን ምስግጋር ናይ ኤርትራውያን ሽግራት ዘጓንፍ ዘሎ ጸበባታትን ህልቐታትን፤ ዘይሰመዔን ዘይከታተልን ሰብ ዘሎ ኣይመስለንን። ሎሚ ንግሆ 18 ሬሳ ከኣ፤መንነቶም ዘይተፈልጡ፤ ንሓያሎ መዓልትታት ሬሶኦም ፤ ኣብ ጥቓ ገማግም ሃገር ማልታ ኣብ ልዕሊ ባሕሪ ተሰጢሖም ከምዝተረኽቡን፤ ናብ ሃገር ፈረንሳ ከምዘእትውዎምን፤ ብሬድዮም ብጋዜጣን የጋልጹ ኣለዉ።
ተታሓሒዙ ዘሎ ናይ ሕቡራት መንግስቲታት ዓለም መግለጺ እውን ተመልከቱ።

ስለዚ ካልእት ይትረፍ፤ ነዞም በብመዓልቱ ዝመቱ ዘለዉ ኣሕማትናን ኣሓትናን ክንግደስ ከምዘሎና ጥራሕ ዘይኰነስ፤ ዘድሊ ምኽራውን ሕብረተሰባውን ሰብኣውን ፖለቲካውን ሓገዛት ብትሪን ብህጹጽን ክንገብር ክንጽውዕ ኣሎና።

እቲ መሰረታዊ ሽግር ሃገርና ከይተፈትሔ፤ ናይዞም ዝሓልቑ ዘሎዉ መንእሰያትና ክፍታሕ ከምዘይክእል ርጉጽን ርዱንን እኳ እንተዝኾነ፤ ስገሩ ናብ ሊብያ፤ ናብ ምስሪ፤ ናብ ኢስራኤል፤ ናብ ኤውሮጳ....ወዘተ ኢልካ ምትብባዕ እንካብ ጥቕመ፣ ጕድኣቱ ስለዝበዝሕ ዘሎ፤ ክንቕጠብ ከምዘሎና ኣጥቢቐ ኤተሓሳስብ።

ሓውኹም ተስፋይ ተኽለዝጊ።

ሃገር ፈረንሳ